ዕለት 22 ሰነ 2015.

# 20 ሰነ ኣብ ረዚን ዝኽሪ ስማእታትና!

20 ሰነ መዓልቲ ስማእታት ኤርትራ ኣብ ከተማ ቦስቶን (Boston) ከምቲ ልሙድ ብክብ ዝበለ ዝኽሪ ደሚቑን ማዕሪጉን ውዒሉ። እቲ መደብ፡ ብዝተፈላለዩ ንመዓልቲ ሰማእታት ዘንጸባርቑ ናይ ቪድዮ ምር ኢታትን፡ ግጥምታትን፡ ዛንታትት ሕሉፍ ተመኩሮ ብረታዊ ቃልስናን ኣብ ሃገር ንምውሓስ ዝተኸፍለ መስዋእትን፣ ናይ ሽምዓ ምብራህን ደሚቑ ኣምስዩ። ከምኡ'ውን ወግዓዊ መግለጺ ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ብዛዕባ እቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙናት ዝቐረበ ዘይፍትሓዊ ጽብጻብ መርማሪ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ድሕሪ ምስማዕ፡ ነበርቲ ቦስቶን፡ ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ተሪር ተቓውሞኦም ንምግላጽ ፐትሽን (Petition) ወይ ድማ ነዚ እከይ ተግባር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝኹንን ናይ ተቓውሞ ፎርም (form ) ናብ 47 ሃገራት ወከልቲ ሰብኣዊ መሰላት ልኢኾም። ኣሰዒቦም ድማ, ምሕብሓብ ስድራ ቤት ሰማእታት ሓላፍነት ናይ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ስለዝኾነ፡ ንሕና'ውን እጃምና ከነበርክት ብምባል ተሳተፍቲ ናይ'ዚ ረዚን መዓልቲ ናብ ማዕከን ሰማእታት ዝኣቱ $14,180 (U.S Dollars) ኣወፍዮም።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና

ዓወት ን'ሓፋሽ !

ሽማግለ ሃገራዊ በዓላት ኤርትራ ቦስቶንን ከባቢኣን ምስ ኣብ ሞልደን (Malden) ዝርከብ ማሕበረ ኮም ኤርትራውያን ቦስቶንን ከባቢኣን (Eritrean Cultural & Development Center).